# ንጠላም ከመይ ጌርካ ይቕረ ይብሃለሉ

25.10.2020

ውዕለት ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ኪሒዳ ካብ ደበቢት ተመሪሓ ኣዲስኣበባ ኢትዮጵያ ዝበጽሐት ጃንዳ ማለሊት ንኢትዮጵያ 27 ዓመት ጁሆ ሒዛ ንህዝባ ረሚሳን ዶቚሳን ምስ ኣሓቱን ኣሕዋቱን ዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰላም ንከይነብር እያ ጌራ።

ዘይትፈልጦ ረኺባ ብጽጋብ ተሰንጢቓን ሽብዳዕዳዕ ኣብዚሓን ነቲ ፈጣሪኣ ዝኾነ ሻዕብያ ኪሒዳ ኣንጻሩ ተላዒላ። መንገዲ ንዘርኣየካ ተመስግን። ንዝዓንገለካ ተመስግን። ወያነ ግን ንፈጣሪኣ ዝኾነን ዘዕበያን ሻዕብያ ኪሒዳ መንገዳ ሲሒታ። ጥልመትን ዝምታን ናይ ቀዳሞት ኣቦታታ ስለ ዝኾነ ኣብ ደማ እዩ ሰሪጹ ጸኒሑ። እከይ ትወልዳ ንኢኪትን ኣመል ምስ መግነዝ ከምዝብሃልን ከኣ ጌግኣ ክትእረም ኣይመረጸትን። መሬት ኤርትራን ወደባታን ክትወርር ወራራት ከመዘየላየደት፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ከምዘየባረረት፣ ኣብ ዶብ ዝርከብ ህዝብና ከም ዘየሰናኸለት፣ መንእሰያት ንምዝቁዋቕ መዓስከራት ከምዘይከፈተት፣ ኤርትራ ፋሕፋሕ ንምባል ምስ ኣኽደምታ ሓያላት መንግስታት ተሰማሚዓ እገዳ ከምዘየአገደት፣ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት በቲ ንሳ ትደልዮ ብኣውራጃ ዓልየትን ክትፈላሊ ጺዒራ እያ። ኣብ 4 ኪሎ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ኢዳ እንከሎ ዋላ ህጂ ኣብ መቐለ ተወሺባ እንኮላ እውን ተጻብኦታት ኣየትረፈትን ዘላ። እቲ ዘስሕቕ ድማ ንምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ንዓ ሕግዘና ክንሉ፣ ንፕረሲደንት ኢሰያስን መራሕትን እናዘናጠሉ ከይሓፈሩ ጻዊዕት ምቕራባን ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሰራዊት፣ ምክልኻል፣ መሪሕነቱን ክትፈላሊ ምልፍላፋ እዩ። ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ኤርትራ ብዝበደለቶን ዝሰርሓቶ ንወሎዶታት ዘይርሳዕ ሕማቕ ታሪኽ ተረዲእዋ ይቕረ ምባል ብግልባጡ ንዓ ህዝቢ ኤርትራ ኣድሕነኒ ክትብሎ። ህዝቢ ኤርትራ ፣ ንህዝብዊ ግንባሩ፣ ንፕረሲደንቱ፣ ንመንግስቱ ንልዕላውነቱን ወደባቱን ዘየኽብር እሞ ድመኛ ጸላኢና ካብ ሞት ከድሕን ዘይሕሰብ እዩ። ከምቲ ዝብልዎ ዓያሹ መሲልዎም። ሕንቲ ክፈልጥዋ ዘላቶም ግን ንህዝቢ ኤርትራ፣ **9 ቢሄራት፣ 6 ዞባታት፣ 2 ሃይማኖታት፣ 2ወደባታ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ መንግስቲ ኤርትራ፣ ፕረሲደንት ኢሰያይስ ኩሎም ተደማሚሮም ሓንቲ ዘይትንብርከኽ ብርህቲ ኤርትራ እዮም ዝህቡ።** ናቶም ጸሓይ ዓሪባ እያ። ዓባይ ትግራይ ንምምስራት ምስ ፈሽሎም ዓቕሊ ጽበት ብዘምጽኦ ዓበድበድ ካብ ጥፍኣቶም ዘድሕኖም የልቦን።

ካብቲ ዓበይቲ ዝፈጸሙቶ ጌጌታት

-ሃብቲ ኢትዮጵያ ዘሚታን ሰሪቓን ኣብ ካሳ ኤፈርት ኣእትያ ንኢትዮጵያ ብኽልል ፋሕፋሕ ኣቢላ ዕምራ ከተናውሕ ምጽዓራ።

-ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምብራስ ክትብገስ ምብጋስ።

-ኢትዮጵያ ንባዕላ ብዘይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ሓደ ሰሙን ክትሕከም ዘይትኽእል ሃገር እያ። ነቲ ብምራባውያን ዝግበረላ ዝነበረ ምጽወታ ኣብ ክንዲ ነቲ ድኻ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተውዕሎ ናብ ጁቡኣ እናኣእተወት እያ ናብ ስዊዘርላንድን ካልኦት ምዕራባውያን ክትክዝኖ መሪጻ። ምልማን ከም ባህሊ ስለ ዝኾና ድማ ካብ ምልማን ዓዲ ከይወዓለት ኔራ። እቲ ትረኽቦ ዝነበረ ውዕለት ክድምናኣ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ምጥፋእ እቲ ቀዳማይ ኢላ ሒዛቶ ዝነበረ ፕሮግራማ እዩ ኔሩ። እዚ እኩይ ሓሳብ ከተተግብር ምጽዓራ።

-መሬትን ባሕርን ኤርትራ ተቖጻጺራ ዓባይ ትግራይ ምምስራት እቲ ቀንዲ ዝነበረ ካልእ ዕላማኣ እዩ ኔሩ። እዛ ብበዓል መለስ፣ ስብሓት ነጋ፣ ጻድቃን፣ ገብሩ ኣስራት፣ ስየ፣ ደብረጽዮን፣ ኣስመላሽ፣ ረዳ፣ ጌታቸው ሾድካን ካልኦትን ትዝወር ዝነበረት ትግራይ ንህዝባ ሎሚ ኣውዲቓቶ ዘላ ውድቀት ዘሕዝን እዩ። ንህዝባ ትሓስብ ኔራ እንተትኸውን ነዚ ክትፍጽሞ ኣይነበራን።

-ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ከይወልዳ ተባሂሉ መዓልቱ ዘሕለፈን ግቡእ ብዘይኮነን መንገዲ ማህጸን ኣበላሽያ ኢሰብኣዊ ስራሕ ምስርሓ ማዕረ ክንደይ ርግምትን ክፍእትን ምኹዋና ኢያ ኣመስኪራ። እዚ ክትውዕሎ ኣይነበራን።

-ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝቐተለቶ፣ዘጋፍዓቶ፣ ዝኣሰረቶ፣ ዘሳቐየቶ፣ ዝተጋሰሰቶ፣ ዝደፈረቶ፣ ሰይጣናዊ ስራሕ ዝሰርሓቶን

ኣብ ባህሊ ኢትዮጵያ ዘይተለመደ ኣተኣታትያ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዘይርሳዕ ሕማቕ ዛንታ ጺሒፉ። ንሙኹዋኑ ፍጥረት ሰብ ኣለዋዶ ዘብል እዩ ኔሩ ስርሓ።

እዚ ኩሉ ካብ ህዝቢ ትግራይ ዝተኸወለ ኣይኮነን። እንተቲ ህዝቢ ትግራይ ግን እንተስ ፈሪሁ እንተስ ዓይኒ ኣግፊሑ ነዛ ጃንዳ ክነጽጋ ኣይተራእየን። ተጋሩ ኣንጻራ ክልዓሉ ብዘይምኽኣሎም ማዕረ ክንደይ ድሑራት ምኹዋኖም እዩ ዘረድኣካ።
-ነቲ *ራኢ መለሰ* ትብሎ ስራሕ ብዕልግነት ከም ሓደ ጽቡቕ ስራሕ ጌራ ከተቕርቦ ሓደ ሓንጎል ዘለዎ ትግራዋይ ጌጋ ራኢ እዩ ኔሩ ክብል ኣይተራእየን።
-እዛ ርእስን ክሳድን ጥራይ ዘለዋ ግን ሓንጎል ዘየብላ ዓሻ ክነሳ ጎራሕን ፈላጥን ዝመስላ ጃንዳ ንዕኣ ክጥዕማ ኢላ ዓንቀጽ39 ዝብል ምስምስ ኣምጺኣ ንኢትዮጵያ ብክልል ከፋፊላ ሃገረ ዕግርግርን ሞትን ቅትለትን ጌራታ እያ ጠፊኣ። በቲ ዝሰርሓቶ ግፍዒ ይትረፍዶ ሎሚ ኣፋ ከፊታ ብዛዕባ መሰላት ክትዛረብ ክትሕባእ እዩ ኔርዋ። ሞት ክብረት እዩ ኔሩ። ኣብ ክንዲ ትግተር ክትስተርን እዩ ኔርዋ። ብስርሓን ረሳሕ ታሪኻን ነብሳ ባዕላ ተከጥፍእን እዩ ኔርዋ። እንተ ዘይሞይትክን ጥዕና ኣለክን ከም ዝብሃል ስለ ዘይትሓፍርን ግን ገና ኣለኹ እናበለት ናብ ስልጣን ክትምለስ ካብ ዕለት 25 መስከረም ኣብ ኢትዮጵያ መንግስቲ የልቦን፣ መረጻ ኣካይድና ተዓዊትና ኣለና ካብ ትብል ክትዕንድር ኣይነበራን።
-ህዝቢ ኢትዮጵያ ብኮረና እናተሳቐየን በቲ ባዕላ ዝሰርሓቶ ናዕብን እናሞተ እንከሎ ያኢ ዴሞክርስያዊት ክትብሃል ናይ ምርጫ ቦርድ ጢሒሳ መርጫ (መረጻ ትብሎ ንሳ) ኣካይዳ 99% ተዓዊተ ኢላ። እምበርዶ እዛ ጭፍራ ምስ ሓንጎላ እያ ዘላ ወይስ እቲ ብቮድካን ዊስክን መሸሚሹ ዝሓደረ ነብሳ ኣኼባ ኣካይዳ ንጽባሒቱ ውሳኔ ተሕልፍ ዘላ እዩ ዘብል። ነብሳ ከተዕሹ ኣይነበራን።
-ካብ ፈደራል መንግስቲ ወሪድዋ ዘሎ ተጽዕኖ ህጂ ምጽዋር ምስ ሰኣነት ካብ ኡይ ትብል ኣቐዲማ ክትሓስብ ኔርዋ።
-እቲ ዘሚታ ዘማሚታ ኣብ ኮንተይነር ከዚናቶ ዘላ ብር ካብ መሰረቱ ሕጋዊ ስለ ዘይኮነን ክትቅይሮ ስለዘይትኽእልን ምስኣ ሒዛቶ ተቐቢራ ኣላ። እዚ ገንዘብ ገንዘብ ህዝቢ ኢትዮጵያ እዩ ኔሩ። ማዕረ ክንድዚ ክትስስዕ ኣይነበራን።
-እዚ ንክልተ ዓመት ሓገዝ ኢንፍዩጅን ኮይንዋ ዝጸንሐ ናይ ስርቂ ገንዘብ እናተጸንቀቐ ይመጽእ ኣሎ። ዓሻሽ ክሳብ ገበጣ ዝውዳእ ይጻወት ከምዝብሃል እንታይ ትጽብ ኔራ። ዝገርም እዩ። ዝሰረቐቶ ክትመልስ ኔርዋ።
-ስራሕ ንሸፍትነታን ዕንደርኣን ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ፍርዳ ትቕበለሉ ወይ ድማ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጊዜኡ ከየብቅዐ ይቕረ ክትብል ኔርዋ።
-ሓደ ትግራዋይ ብሰንኪ ጃንዳ ወያነ ማለሊት ስም ትራዋይ ይጠፍእ ኣሎ። ምስ ኣሕዋትና ኢትዮጵያውያን ተፈላሊና። ምስ ጎረቤትና ኤርትራ ዘይርሳዕ ሕማቕ ታሪኽ ገዲፋትልና ከይዳ ኢሉ ሓቂ ዝዛረብ ኣይተረኽበን። ተጋሩ ሓቂ ምዝራብ ጠፊእዎም ወይስ እተን *ሓቅን ይቕረን* ዝብሃላ ቃላት ኣብ መዝገበ ቃላት ትግራይ ስለ ዘየለዋ ድየን? ብድሕሪ ጃንዳ ማለሊት ተጋሩ ከሓልፈሎም እንተደልዮም ነዚኤን ክመሃርወን ኣለዎም።

ብዓብየ ድማ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ክትብገስ ኣይነበራን።
-እዛ ናይ ማለሊት ጃንዳ ንህዝቢ ኤርትራ ዝበደለቶ በደል ንወለዶታት ዘይርሳዕ እዩ።
-ከድምና ስርሐይ ኢላ ሒዛ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምድምሳስ ዘይገበረቶ ሸርሒ ኣይነበረን።
-ናይ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ንብረት ክትዘምት ኣይነበራን።
-ንህዝቢ ኤርትራ ጎረባብቲ እናበለት ከተድምየና ኣይነበራን።
-ተጋሩ ንኤርትራ ክወሩን ከጥፍኡን ካብ ወራር ወያነ ንብሎ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ጥንቲ ካብ ዝጀመረ እዩ። ካብ ቅድሚ ዘመነ ኣሉላን ዮውሃንስን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ተጋሩ ነዚ ኹሉ ክሳብ ታሕቲ ወሪዶም ዝገበርዎ ዝነበሩ ተጻብኦታት ተጻዊሩ እዩ ሓሊፍዎ። እዚ ኩሉ ንወለዶታት ዝቐጸለ ጽልኢ ብይቕረ ውን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ሎሚ ወያነ ኣብ ጉድጉዋድ ምስ ኣተወት ሰላም ሰላም ክትብል እንተለመነት ጊዜኡ ኣብቂዑ እዩ። እቲ ዘገርም እቲ ሰላም ኢላ ትጽውዖ ንመን እያ ዘብል እዩ።

-ንኤርትራ ካብ መራሕታ፣ ቢሄራታን ሃይማኖታትን ፈላልያ እናተጻረፈት ክነሳ ኣሕዋት ኢና ክትብል ነየነይቲ ኤርትራ እያ ትጽውዕ ዘላዩ ዘብል ኔሩ። ገና ካብቲ ድንቁርና ምፍልላይ ስለ ዘይተገላገለት ንኤርትራ ብዞባታት ክትጽውዓ ዓቕሚ ስለ ዝሓጽራ በቲ ናይ ቀደምን ጊዚኡ ዝሓለፈ ብኣውራጃ ፈላልያ ክትጽውዕ ከላ ጌና ኣብ ድሕርቲ ዓለም ትነብር ከምዝነበረት እዩ ዘረድኣካ።

-ብመጀመርያ እቲ ስነስርዓት ዘይሓለወ ኣጸዋውዕኣ ክትእርም ኔርዋ። ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፣ ክቡር ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ህግደፍ ወይ ሻዕብያ ገዲፋ ዝንጥል እና ኣበለት ስርዓት ኢሰያስ፣ ስርዓት ህግደፍ ክትብል ኣየናይ ኤርትራዊ እዩ ክቕበላ ትጽበ ኔራ? ክሳብ ንፕረሲደንትናን መራሕትናን፣ ሓድነት ኤርትራ፣ ኩለን ቢሄራት ዘየኽበረትን ማዕጾ ሰላም ምስ ኤርትራ ዕጹው ምኹዋኑ ከይተርድኣ ጠፊኣ።

-መራሕቲ ኤርትራ ንምቕንጻል ትገብሮ ዝነበረት ላዕልን ታሕትን ተውጽኦ ዝነበረት ሚልዮናት ዶላራት ኣብ ጥቕሚ እቲ ድኻ ህዝባ እንተተውዕሎ ኔራ ህዝባ ብጥምየት ኣይምስ ሞተን ኔሩ።

-ቅድም ስነ ስርዓት ክትምሃር ኔርዋ።

-በቲ ዕርቂ ትብል በቲ ስራሕ እከይ ምስራሕ ከተቁዋርጽ ኔርዋ።

-ንሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ተቐቢላ ክትዋሳእ ኔርዋ።

-ባድመን ካልእ ጂሆ ሒዛቶ ዘላ መሬትና ክትመልስ ኔርዋ።

-ንዝጠፈሹን ጥፍኣት ኤርትራ ዝምነዩ ዕሱባት ኣዋፊራ ዓባይ ትግራይ ክትምስርት ትሓልሞ ሕልሚ ክትገድፎ ኔርዋ።

-ኣብ ዞባና ጎብለል ኮይና ክትወጽእን ወደባት ኤርትራ ዓሰብን ባጽዕን ቀይሕባሕርን ክትሓልም ኣይነበራን።

-ሕቖ ህዝቢ ኤርትራ ክንሰብሮ ኢና ኢላ ኣፋ ከተርስሕ ኣይነበራን።

-እዚ ኣብ ድያስፖራ ትገብሮ ዝነበረት ኣንጻር ኤርትራዊ ኮማት ክትውዕሎ ኣይነበራን።

-ኣብ መድያ ዝቐንዐ ኣንጻር ኤርትራ ጠጠው ከተብሎ ኔርዋ።

-ኩሉ ባዕላ ኣብ ኢትዮጵያ ትገብሮ ዝነበረት ግብረሽበራ ሻዕብያ ጌራቶ ክትብል ክትቁጠብ ኔርዋ።

-ሕብሪ ዓይንና ቀጠልያ ወይሕ ብጫን ሰማያዊ ምኹዋኑ ክትቅበሎ ኔርዋ።

-ዲፕሎማስታትና ካብ ሕብረት ኣፍሪቃ ከተውጽእ ተንኮላት ክትኣልም ኣይነበራን።

-ታሪኽ ክትጠማዝዝን ክትሰርቕን ኣይነበራን።

-ደርፍታት ኤርትራን ስራሕ ስነጥበኛታት ኤርትራውያን ክትሰርቕ ኣይነበራን።

-ጸሓይ ክትበርቕን ክትዓርብን ደበና ክንቀሳቐስን ኩሉ ኢድ ሻዕብያ ኣለዎ ካብ ምባል ክትቁጠብ ኔርዋ።

-ማዕረ ክንደይ ውርደኛ ምንባራ፣ ገንዘብ ከይኣኽላ መርከብን ነፋሪትን ሰሪቓ ትሓብእ ጃንዳ ብምኹዋና ሕፍረት ንህዝባ ስለ ዝነበረ ክትውዕሎ ኣይነበራን።

-ኣሕዋት እናበሉ ክዝምር ከላ ሓቃ ከምዘይነበረ ኮይኑ ማዕረ ክንደይ ኣንዊሓ ዘይትሓስብ ምኹዋና እዩ ዘረድኣካ።

-ኣብዛ ጎንና ምፍጣሮም፣ በዚ ሓደ ከሳቕዩና በቲ ብኻልእ ድማ በቲ ከይሓፈሩ ኣብ ዓለም ዘይተራእየ ተግባራት ክፍጽሙ ክንርእይ እዩ። ጎረቤት እዚኦም ኮይና ክንፍጠር በድል እዩ ንዓና።

-ንዓመታትትን ወለዶታትን ዘቕሓሩናን ዝበደሉናን ዝመጣጠን ይቕረ ኢላን እቲ ጥውይዋይ ልባ ኣጽርያ ብቕንዕና ክትቀርብ ኔርዋ። እዚ ክትገብር ዓቕሚ ስለ ዘየብላ ናብ ጉድጉዳ ናብ ደበቢት እያ ክትከይድ  እያ መሪጻ። ሞት ክናና ሞይታ።   ምስታ ዘይትርሳዕ ቃል ፕረሲደንት Weyane Game is Over ተሰንያ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ  - ጀርመን